
ረዲኤት
ካብ
ኣምላኽ

እዛ ረድኤት ካብ ኣምላኽ እትብል ጽሕፍቲ መታን ክትገይሽ ወይ ከኣ ንዝኾነ ሰብ ክትጽበ ኣብ ስፍራ መጺ በይ ኮፍ ኢልካ ከሎኻ ከተንብባ ኣንእስ ኣቢልና ኣሕቲ ምናያ ኣሎና። ኣብ ከምኡ ዚኣመሰለ እዋን ኣብ ክንዲ ጊዜኻ ከይተፈለጠካ በኺኑ ዚሓልፍ፡ ንነፍስኻ ዚሃንጽ ቅ ዱስ ጽሑፍ ብምንባብ እንተ ድኣ ኣሕሊፍካዮ፡ ብዙሕ ረ ብሓ ከም ዚርከበ ኣየጠራጥርን እዩ።

እቲ ዝበለጸ መግለጺ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ባዕሉ መጽሓፍ ቅዱስ ስለ ዝኾነ፡ እቶም ንሓድሕዶም ዚሰማ ምዑ ጽሑፋት ብሓደ መስርዕ ኣኪብ ንዕኦም ዚሰማማዕ ኣርእስቲ ኣርኢሰሎም ኣሎኹ። ነቲ ኣምላኽ ዚሃበና መል እኽቲ ብሓንሳብ ብጽፉፍ ኣጋባብ ጠሚርና እንተ ድኣ ኣን ቢብናዮ፡ ዝያዳ ብርሃን ናይ ምርዳእ ቃል ኣምላኽ ይህበና።

ቃል ኣምላኽ ካብ ሰማይ እዩ። እቶም ንጽድቂ ዚጠ ምዩን ዚጸምኡን ከኣ፡ ብምሉእ ልቦም ኣብ ኣምላኽ እን ተ ድኣ ተማህሊሎም፡ እቲ ልቦም ዚጠምዮ ኣምላኽ ኪህ ቦም ኣተስፍዩዎም ኣሎ። ንክርስቶስ ኣብ ልብኻ ክሓድር ልብኻ ምስ ትኸፍተሉ፡ ንሱ ክፍኣትውን ምስ ትነጽጎ፡ ምሉእ ዐወትን ምሉእ ሓጐስን ካብ ኣምላኽ ክትረክብ ኢኻ። ነዚ ተመክሮ እዚ ባዕለይ ረኺበዮ ኣሎኹ። ካብቲ ልበይ ፈጺመ ንኣምላኽ ወፍየ ብመገዱ ክመላለስ ዚጅምር ከኣ ኣውዲቑኒ ኣይፈልጥን። ንስኻውን ክቡር ኣንባቢ፡ ህይወትካ ንእኡ ክትውፍያ ኤማሕጽነካ።

ዋትሰን ጉድማን።

# ረድኤት ካብ ኣምላኽ

## ፍቕሪ ኣምላኽ ።

ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ፣ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ፣ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ ። ሮሜ ፭ ፡ ፰ ።

የሱስ ቅድሚ በዓል ፋስጋ ፣ ኻብዛ ዓለም እዚኣ ናብ ኣቦኡ ዚኸደላ ጊዜኡ ከም ዚበጽሔት ፈሊጡ ፣ ነቶም ዘፍቅሮም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘሎዉ ናቱ ኽሳዕ መወዳእታ ኣፍቀሮም ። ዮሃንስ ፲፫ ፡ ፩ ።

ካብቲ ዘሎን ዝነበረን ዚመጽእን ፣ ካብቶም ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ዘለዉ ሾብዓተ መናፍስትን ፣ ካብቲ እሙን ምስክርስ በኹሪ ምዉታትን ፣ ርእሲ ነገስታት ምድርን ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ከኣ ፣ ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን ። ንእኡ ፣ ነቲ ዘፍቅረና ዘሎ ፣ ካብ ሓጢኣትናውን ብደሙ ዚሐጸበና ፣ ንእግዚኣብሄር ኣቦኡ መንግስትን ካህናትን ክንኹና ዝገበረና ፣ ክብርን ስልጣንን ንዘለኣለም ኣለም ንእኡ ይኹን ። ኣሜን ። ራእይ ዮሃንስ ፩ ፡ ፭ - ፮ ።

እግዚኣብሄር ካብ ርሑቕ ተራእየኒ ፣ ብናይ ዘለኣለም ፍቕሪ ኣፍቀርኩኺ ፣ ስለዚ ኸኣ ብምሕረት ሐሰብኩኺ ። ኤርምያስ ፴፩ ፡ ፫ ።

ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ፡ ኵሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ፡ ከይጠፍእሲ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ ። ዮሃንስ ፫ ፡ ፲፮ ።

## ናይ ክርስቶስ ኣምላኽነት ።

እዚ ኵሉ ፡ እቲ እግዚኣብሄር ብነብይ እተዛረቦ ኪፍጸም ከነ ፡ ከምዚ ዝብል ፡ እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ ፡ ስሙ ኸኣ ኣማኑኤል ኪብልዎ ኢዮም ፡ ትርጉሙ ኣምላኽ ምሳና እዩ ። ማቴዎስ ፩ ፡ ፳፪-፳፫ ።

ብሓቂ እቲ ምስጢር ኣምልኾ ዓቢይ እዩ ፡ ንሱ እቲ ብስጋ እተገልጸ ብመንፈስ ጸደቐ ፡ ንመላእኽቲ ተራእየ ፡ ኣብ ኣህዛብ ተሰብከ ፡ ኣብ ዓለም ተኣምነ ፡ ናብ ክብሪ ዓረገ ። ፩ ጢሞቴዎስ ፫ ፡ ፲፮ ።

የሱስ በሎ ፡ ፊልጶስ እዚ ክንድዚ ዚኣክል ዘመን ምስኻትኩም ክነብር ከሎኹስ ፡ ኣይትፈልጠንን ዲኻ? እቲ ንኣይ ዚረኣየ ነቦ ረኣዮ ፡ ከመይ ኢልካኸ ነቦ ኣርእየና ትብል ኣሎኻ? ኣነ ኣብ ኣቦ ኸም ዘሎኹ ኣቦውን ኣባይ ከም ዘሎ ኣይትኣምንን ኢኻ? ዮሃንስ ፲፬ ፡ ፱ - ፲ ።

ቃል ብመጀመርታ ነበረ ፡ እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ ፡ እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ ። ዮሃንስ ፩ ፡ ፩ ።

እቲ ቃል ስጋ ኾነ ፡ ጸጋን ሓቅን መሊኡዎ ኸኣ ኣባና

ሐደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነበኡ ርኤና። ዮሃንስ ፩፣ ፲፬።

## የሱስ ወዲ ኣምላኽ።

የሱስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ዚእመን፣ ኣምላኽ ኣብኡ ይነብር ንሱውን ኣብ ኣምላኽ ይነብር። ፩ዮሃንስ ፬፣ ፲፭።

ኣብኡ ኣብ ክርስቶስ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሓዲሩዎ እዩ። ቈሎሴ ፪፣ ፱።

ሕጻን ተወሊዱልና፣ ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ፣ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኰቡ እዩ፣ ስሙውን ግሩም፣ መኽር፣ ብርቱዕ ኣምላኽ፣ ኣቦ ዘለኣለም፣ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ። ኢሳይያስ ፱፣ ፮።

ገና ከዛረብ ከሎ፣ እንሆ ብሩህ ደበና ኣጕልበቦም። እንሆ ኸኣ፣ ካብቲ ደበና፣ ዝፈትዎ ወደይ ብእኡ ዝሰመርኩ እዚ እዩ፣ ንእኡ ስምዕዎ ዚብል ድምጺ መጸ። ማቴዎስ ፲፯፣ ፭።

እቲ መልኣኽ ከኣ መለሰ፣ መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ሓይሊ ልዑልውን ኬጽልለኪ እዩ። ስለዚ ኸኣ እቲ ዚውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ኪበሃል እዩ። ሉቃስ ፩፣ ፴፭።

## የሱስ መን ምዃኑ ይነግረና።

የሱስ ከኣ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣመነስ እንተ ሞተ እኳ ብህይወት ኪነብር እዩ። ዮሃንስ ፲፩፣ ፳፭።

ንስኻትኩም መምህርን ጐይታን ትብሉኒ ኣሎኹም ፡ ኣነ ከምኡ እየ እሞ ፡ ጽቡቕ በልኩም ። ዮሃንስ ፲፫ ፡ ፲፫ ።

ንሱ ኸኣ ፡ ንስኻትኩም ካብ ታሕቲ ኢኹም ፡ ኣነ ካብ ላዕሊ እየ ። ንስኻትኩም ካብዛ ዓለም እዚኣ ኢኹም ፡ ኣነ ካብዛ ዓለም እዚኣ ኣይኰንኩን ። ዮሃንስ ፰ ፡ ፳፫ ።

የሱስ ከኣ ፡ ኣነ ፡ ኣብርሃም ከይተወልደ ፡ ከም ዘሎኹ ፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ በሎም ። ዮሃንስ ፰ ፡ ፶፰ ።

ኣነ ኣብ ዓለም ከሎኹ ፡ ብርሃን ዓለም እየ ፡ ኢሉ መለሰሎም ። ዮሃንስ ፱ ፡ ፭ ።

ሽዑ የሱስ ከም ብሓድሽ በሎም ፡ እቲ ደገ ኣባጊዕ ኣነ ከም ዝኾንኩ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ። ዮሃንስ ፲ ፡ ፯ ።

የሱስ በሎም ፡ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ ፡ ናባይ ዚመጽእ ኣይጠምን ፡ ብኣይ ዚኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን እዩ ። ዮሃንስ ፮ ፡ ፴፭ ።

## የሱስ ዝፈጸሞም ትእምርትታት ።

እቶም ሰብውን ኣብ ሳዕሪ ኪቕመጡ ኣዘዘ ። ነተን ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ኣልዒሉ ፡ ናብ ሰማይ ገጹ ቐሊሕ በለ ፡ ባረኸ ቈረሰ ንደቀ መዛሙርቱ ሃቦም ፡ ንሳቶም ከኣ ነቶም ሰብ ሃብዎም ። ኵሎም በሊዖም ጸገቡ ። እቲ ዝተረፈ ቍርስራስ ድማ ዓሰርተው ክልተ መሶብ መሊኦም ኣልዓሉ ። እቶም ዚበልዑ ብዘይ ኣንስትን ቈልዑን ፡ ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ ሰብኣይ ነበሩ ። ማቴዎስ ፲፬ ፡ ፲፱ - ፳፩ ።

ዘረበኦ ምስ ወድኤ ኸኣ፡ ንስምኦን፣ ናብቲ ዓሚቍ ቅርብ በል እሞ፡ መርበብኩም ንምግፋፍ ደርብዩ በሎ። ስምኦን ከኣ፣ መምህር ለይቲ ብምልእታ ጽዒርና፡ ዝሓዝና የብልናን፡ብቓልካ ግና ነዚ መርበብ እድርብዮ፡ ኢሉ መለሰሉ። እዚ ምስ ገበሩ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ዓሳ ሓዙ፡ እቲ መርበቦምውን ተቐደ። ሉቃስ ፳ ፥ ፬ - ፯ ።

እንሆ ድማ ክልተ ዕዉራት ኣብ ወሰን መገዲ ተቐሚጦም ነበሩ። የሱስ ይሓልፍ ከምዘሎ ምስ ሰምዑ፣ ጐይታይ ወዲ ዳዊት ምሓረና፡ እናበሉ ጨርሑ። ማቴዎስ ፳ ፥ ፴ ።

የሱስ ደንጊጹሎም ኣዒንቶም ተንከየ፡ ብኡ ብኡ ረኣዩ ሰዓብዎ ድማ። ማቴዎስ ፳ ፥ ፴ን ፴፬ን ።

## የሱስ ክርስቶስ ጐይታን ፈጣሪን።

ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ዚርኤን ዘይርኤን፡ ዝፋናት ኰኑ ወይስ ጐይትነት፡ ሕልቅነት ወይስ ስልጣናት፡ ኵሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ፡ ኵሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ። ቈሎሴ ፩ ፥ ፲፮ ።

ኣብዘን ዳሕሮት መዓልታት ንኣና በቲ ወራሲ ኵሉ ዚገበሮ ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና። እብራውያን ፩ ፥ ፪ ።

ስለዚ ኸኣ እዩ ክርስቶስ ጐይታ ምዉታትን ህያዋንን

ምእንቲ ኪኸውን ኢሉ፡ ዝሞተን ህያው ዝኸነን። ሮሜ ፲፬፡ ፱።

ብእኡ ኵሉ ኾነ፡ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ብዘይ ብእኡ ዝኸነ የልቦን። ዮሃንስ ፩፡ ፫።

እቲ ናብ ሕብረት ወዱ የሱስ ክርስቶስ ጐይታና ዝጸውዓኩም ኣምላኽ እሙን እዩ። ቈረንቶስ ፩፡ ፱።

እምብኣርሲ ኣምላኽ ነዚ ንስኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ የሱስ ንእኡ ጐይታን ክርስቶስን ከም ዝገበሮ ብዘላ ቤት እስራኤል ብርግጽ ትፍለጥ። ግብረ ሃዋርያት ፪፡ ፴፮።

## ክርስቶስ ፈራዲ ኵሉ።

ኵሎም ኣህዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ይእከቡ። ንሱ ኸኣ ጓሳ ንኣባጊዕ ካብ ኣጣል ከም ዚፈላልየን ካብ ነንሓድሕዶም ይፈላልዮም። ማቴዎስ ፳፭፡ ፴፪።

ፍርዲ ዘበለ ንወዲ ሃበ እምበር፡ ኣቦ ንሓደ እኳ ኣይፈርድን እዩ። ዮሃንስ ፭፡ ፳፪።

ኵላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ኣምላኽ ደውክንብል ኢና። ስለምንታይ ድኣ ንስኻ ኣብ ሓውካ እትፈርድ? ወይስ ንምንታይ ንሓውካ ትንዕቕ? ሮሜ ፲፬፡ ፲።

ኣምላኽውን ንህያዋንን ንምዉታትን ፈራዲ ኪኸውን ዝመደቦ፡ ንሱ ምዃኑ ንህዝቢ ኪንሰብኸን ክንምስክርን ኣዘዘና። ግብረ ሃዋርያት ፲፡ ፵፪።

በታ ከም ወንጌለይ ገይሩ፡ ኣምላኽ ነቲ ምስጢራት

ሰብ ብየሱስ ክርስቶስ ዚፈርደላ መዓልቲ ኽምኡ ኪኸውን እዩ ። ሮሜ ፪ ፣ ፲፮ ።

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን ምዉታትን ኪፈርድ ዘሎ ክርስቶስ የሱስን በቲ ምግላጹን መንግስቱን ኤማሕጽነካ ኣሎኹ ። ፪ ጢሞቴዎስ ፬ ፣ ፩ ።

## ምድሓን ብክርስቶስ ጥራይ እዩ ።

እቲ ደገ ኣነ እየ ። ብኣይ ዚኣቱ ኪድሕን ፡ ኪኣቱን ኪወጽእን መጓሰይውን ኪረክብ እዩ ። ዮሃንስ ፲ ፣ ፱ ።

የሱስ ከኣ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን ። ዮሃንስ ፲፬ ፣ ፮ ።

ኣነ ምዃነይ እንተ ዘይኣመንኩም ብሓጢኣትኩም ክትሞቱ ኢኹም እሞ ፡ ስለዚ እየ ብሓጢኣትኩም ክትሞቱ ኢኹም ዝበልኩኹም በሎም ። ዮሃንስ ፰ ፣ ፳፬ ።

ፍጹም ምስ ኮነ ኸኣ ፡ ነቶም ዚእዘዝዎ ዘበሉ ኵላቶም ንናይ ዘለኣለም ምድሓኖም ምኽንያት ኰኖም ። እብራውያን ፭ ፣ ፱ ።

ብእኡ ክንድሕን ዚግበእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን ። ግብረ ሃዋርያት ፬ ፣ ፲፪ ።

ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ ኩሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዝነብር ስለ ዝኾነ ፡ ፈጺሙ ኬድሕኖም ይኽእል እዩ ። እብራውያን ፯ ፣ ፳፭ ።

ነቲ ናብ ግደ ርስቲ ቅዱሳን፣ ኣብ ብርሃን ዘብቅዓና ኣቦ እናኣመስገንኩም ንሱ ካብ ስልጣን ጸልማት ዘውጽኣና ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱውን ኣእተወና። ኣብኡ ምድሓንና ማለት ሕድገት ሓጢኣት ዘሎና፣ ቈሎሴ ፩፡ ፲፪ - ፲፬።

ወዲ ሰብ ንጥፉእ ኪደልን ኬድሕንን እዩ ዝመጸ። ሉቃስ ፲፱፡ ፲።

ንስኻትኩም ካብኡ ኣብቲ ካብ ኣምላኽ ንጥበብን ጽድቅን ምቕዳስን ምድሓንን ዝኾነልና ክርስቶስ የሱስ ኢኹም። ፩ ቈረንቶስ ፩፡ ፴።

ንሳቶም ከኣ ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዚኾኑ ሰባት ንዲግካሉ ኢኻ፡ ንኣምላኽና ዚኾኑ መንግስትን ካህናትን ገቢርካዮም። ኣብ ምድሪ ድማ ኪነግሱ እዮም እሞ፣ ንስኻ ነቲ መጽሓፍ ክትወስዶ ነቲ ማሕተሙውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ እናበሉ፡ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ። ራእይ ዮሃንስ ፭፡ ፱ - ፲።

የሱስ ክርስቶስ ካብ ዓመጻ ዘበለ ምእንቲ ኬውጽኣና፣ ንርእሱውን ንሰናይ ግብሪ ዚቐንእን ገንዘቡ ዚኾኖን ህዝቢ ምእንቲ ኬንጽህ ኢሉ ነፍሱ በጃና ኣሕለፈ። ቲቶስ ፪፡ ፲፬።

## ደም የሱስ ክርስቶስ።

እምብኣርሲ ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ድኣ፣ ክንደይ ካብቲ ቍጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን። ሮሜ ፭፡ ፱።

ብእኡ ብደሙ ምድሓን ማለት ከም'ቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት ኣሎና ። ኤፌሶን ፩ ፥ ፯ ።

ከም'ቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና ፥ ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኵሉ ሓጢኣትና የንጽሃና እዩ ። ፩ ዮሃንስ ፩ ፥ ፯ ።

ካብቲ ካብ ኣቦታትኩም እተቐበልኩምዎ ኸንቱ ንብረትኩም ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዜብሉ ገንሸል ብኽቡር ደም ክርስቶስ እምበር ብጠፋኢ ነገር ፥ ብብሩር ወይስ ብወርቂ ከም ዘይድሓንኩም ትፈልጡ ኢኹም ። ፩ ጴጥሮስ ፩ ፥ ፲፰ - ፲፱ ።

ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ፥ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ ንስኻትኩም ንህያው ኣምላኽ ክተገልግሉ ኸንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ ? እብራውያን ፱ ፥ ፲፬ ።

## ድሕነት ንክርስቶስ ብምእማን ።

ሓደ እኳ ከይምካሕሲ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ ፥ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም ፥ እዚ ኸኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር ፥ ካባኻትኩም ኣይኮነን ። ኤፌሶን ፪ ፥ ፰ - ፱ ።

እምብኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና ምስ ኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰላም ይሃልወና ። ሮሜ ፭ ፥ ፩ ።

ብክርስቶስ የሱስሲ እታ ብፍቕሪ እትገብር እምነት ድአ እምበር፣ ግዝረት ከነ ወይ ዘይግዝረት ሓደ ግዛዕ አይክእሉን እዩ። ገላትያ ፭፣ ፮።

ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ኹሉ ንዓለም ይስዕሩ፣ እታ ንዓለም እንስዕረላ ስዕረት ከኣ፣ ንሳ እምነትና እያ። ፩ ዮሃንስ ፭፣ ፬።

ስለዚ ንሳቶም ግብሪ ኣምላኽ ክንገብርሲ እንታይ ንግበር? በልዎ። የሱስ ከኣ ግብሪ ኣምላኽ በቲ ንሱ ዘለኣኾ ኽትኣምኑ እዩ፣ በሎም። ዮሃንስ ፮፣ ፳፰-፳፱።

ግናኸ የሱስ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምእንቲ ኽትኣምኑ ኣሚንኩምውን ብስሙ ህይወት ምእንቲ ኽትረኽቡ እዩ እዚ እተጻሕፈ። ዮሃንስ ፳፣ ፴፩።

## ምሕረት ኣምላኽ።

ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ከም ዚብል ከምኡ ምሕረቱ ኣብቶም ዚፈርህዎ ይስልጥን። መዝሙር ዳዊት ፻፫፣ ፲፩።

ምሕረት እግዚኣብሄር ግና ኣብቶም ዚፈርህዎ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ትነብር። መዝሙር ዳዊት ፻፫፣ ፲፯።

ምሕረቱ ኣይተወድኤን እዩ እሞ፣ ጥራስ ዘይጠፋእናስ ጸጋ እግዚኣብሄር እዩ። ኣብ ጸጽባሕ ሓድሽ እዩ፣ እሙን ምዃንካ ዓቢ እዩ። ድጕዓ ኤርምያስ ፫፣ ፳፪-፳፫።

ምሕረትካ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ዓቢ ሓቕኻውን ክሳዕ ደበናታት እዩ። መዝሙር ዳዊት ፻፰፣ ፬።

ንሱ ብምሕረቱን ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን ብምሕ ዳስ መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘድሓነና እምበር፣ ንሕና ብዝገበርናዮ ግብረ ጽድቂ ኣይኮነን። ቲቶስ ፫ ፣ ፭ ።

ከማኻ ዝበለ ኣምላኽ ኣበሳ ዝሓድግ፣ ነቲ በደል ካብ ቶም ተረፍ ርስቱ ዜሕልፍ መን እዩ? ምሕረት እዩ ዚፈቱ እሞ፣ ኵራኡ ንዘለኣለም ኣይዓቍርን እዩ። ሚክያስ ፯ ፣ ፲፰ ።

## ኣምላኽ ክንመጾ ይዕድመና።

ኣቱም ኵልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ማቴዎስ ፲፩ ፣ ፳፰ ።

እቲ መንፈስን እታ መርዓትን ንዓ ይብሉ ኣለዉ። እቲ ዚሰምዕውን ንዓ ይበል። ዝጸምኤ ኸኣ ይምጻእ፣ ዝደለየውን ማይ ህይወት ብኸምኡ ይውሰድ። ራእይ ዮሃንስ ፳፪ ፣ ፲፯ ።

በታ ዳሕረይቲ ዓባይ መዓልቲ በዓል የሱስ ደው ኢሉ ጨደረ፣ በለውን ዝጸምኤ እንተሎ፣ ናባይ ይምጻእ እሞ፣ ይስተ። ዮሃንስ ፯ ፣ ፴፯ ።

ኣቱም ጽሙኣት ኵላትኩም ናብ ማያት ንዑ፣ ኣቱም ገንዘብ ዜብልኩም ከኣ፣ ንዑ ተሻየጡ እሞ ብልዑ። እወ ንዑ፣ ብዘይ ገንዘብ ብኸምኡ ወይንን ጸባን ተሻየጡ። ኢሳይያስ ፶፭ ፣ ፩ ።

ኸጋ ምጹ እሞ ንሓድሕድና ንማጐት፣ ይብል እግዚ

ኣብሄር፣ ሓጢኣትኩም ከም ጁኽ እንተ ቘሔ፣ ከም በረድ ኪጸዕዱ፣ ከም ዝዋሙዕ እኳ እንተ ቘሔ፣ ከም ጻዕዳ ጸምሪ ኪኸውን እዩ። ኢሳይያስ ፩ ፥ ፲፰ ።

## ኵሎም ሰባት ውሉድ ኣምላኽ ኣይኰኑን።

ጽድቂ ዘይገብርን ንሓው ዘየፍቅርን፣ ካብ ኣምላኽ ኣይኰነን፣ ውሉድ ኣምላኽን ውሉድ ዲያብሎስን በዚ እዮም ዚግለጹ። ፩ ዮሃንስ ፫ ፥ ፲ ።

ንስኻትኩምሲ ነቲ ብእኡ ጌርና ኣባ፣ ኣቦ፣ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውልድነት ኢኹም እተቐበልኩም እምበር፣ መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቐበልኩምን፣ ስለዚ እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፣ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም። ሮሜ ፰ ፥ ፲፬-፲፭።

ኣብ ማእከል እዚ ቈናንን ጠዋይን ወለዶ እዚ መንቅብ ዜብሎምን ግሩሃትን ሕፍቲ ዜብሎም ውሉደ ኣምላኽ ኰንኩም ከም ብርሃናት ኣብ ዓለም እትበርሁ፣ ምእንቲ ክትኰኑ፣ ንኹሉ ብዘይ ምጕርምራምን ብዘይ ውልውልን ግበርዎ። ፊልጲ ፪ ፥ ፲፭ ።

ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኵሎም ብስሙ ንዚኣምኑ፣ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም። ዮሃንስ ፩ ፥ ፲፪።

ስለዚ ካብ ማእከሎም ውጹን ተፈልዩን፣ ርኹስ ኣይትተንከዩን፣ ኣነውን ክቕበለኩም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። ኣቦ ድማ እኾነኩም፣ ንስኻትኩምውን ኣወዳትን

፲፪

ኣዋልድን ክትኰኑኒ ኢኹም ፣ ይብል እቲ ኵሉ ዚኽእሉ ጐይታ ። ፪ ቈረንቶስ ፮ ፣ ፲፯ - ፲፰ ።

## ዘስክር መስተ ኣምላኽ ኰኒኑዎ እዩ ።

ንወይኒ ምቕያሑ ፣ ኣብ ብርለ ምውዕዋዑ ጥዒሙ ምውራዱ ኣይትጠምቶ ፣ ኣብ መወዳእታ ከም ተመን ይነክስ ከም ኣፍዑት ሕንዙ ፉፍ የብል ። ምሳሌ ፳፫ ፣ ፴፩ - ፴፪ ።
እቶም ንብርቱዕ መስተ ኪስዕቡ ወጋሕታ ኣንጊሆም ዚትንስኡ ፣ ወይኒ ኽሳዕ ዜርስኖም ድማ ኣዝዮም ዘምስዩ ፣ ወይልኦም ። ኢሳይያስ ፭ ፣ ፲፩ ።
እቲ ግብሪ ስጋ ግሁድ እዩ ፣ ንሱ ኸኣ ምንዝር ፣ ርኽሰት ፣ ዕብዳን ፣ ቅንኣት ፣ ቅትለት ፣ ስኽራን ፣ ጓይላ ከምዚ ዝኣመሰለ ኻልእውን እዩ ፣ እቶም ከምዚ ዝመሰለ ዚገብሩ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርሱዋ ከምቲ ቀደም ዝበልኩዎ ኣቐዲመ እብለኩም ። ገላትያ ፭ ፣ ፲፱ - ፳፩ ።
ከም ብመዓልቲ ብቕንዕና ንመላለስ ፣ ብጓይላን መስተን ኣይኰነን ፣ ብምንዝርናን ዕብዳንን ኣይኰነን ፣ ብባእስን ቅንኣትን እይኰነን ። ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ድኣ ልበስዎ እምበር ነቲ ሓልዮት ስጋስ መለዓዓል ትምኒት ኣይትግበርዎ ። ሮሜ ፲፫ ፣ ፲፫ - ፲፬ ።

## ውርዙይ ምኳን ኣኻሊ ኣይከነን ።

የሱስ ከኣ ፣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅሮ ። እዚኣ

እታ ዓባይን ቀዳመይቲ ትእዛዝን እያ ። ማቴዎስ ፳፪ ፤ ፴፯ - ፴፰ ።

ኣብ መገዲ ኪኸይድ ከሎ ድማ፣ ሓደ ናብኡ ጐየየ፣ ተምበርኪኹውን፤ ኣታ ሄር መምህር፣ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኪወርስ፣ እንታይ እግበር ኢሉ ሓተቶ ። የሱስ ከኣ፤ ንምንታይ ሄር ትብለኒ? ብዘይ ሓደ ኣምላኽ ሄር የልቦን ። ነቲ ትእዛዛት ትፈልጦ ኣሎኻ፣ እኒ ኣይትቕተል፣ ኣይትዘሙ፣ ኣይትስረቕ፣ ብሓሶት ኣይትመስክር፣ ኣይትዓምጽ፣ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፣ በሎ ። ንሱ ኸኣ፣ መምህር እዚ ኩሉስ ካብ ንእስነተይ ጀሚረ እሕልዎ ኣሎኹ በሎ ። የሱስ ከኣ ጠሚቱ ፈተዎ እሞ፤ ሓንቲ ጐዲላትካ ። ኪድ፣ ዘሎካ ኩሉ ሼጥካ ንድኻታት ሃብ፣ ኣብ ሰማይ ድማ መዝገብ ክትረክብ ኢኻ እሞ፣ ንዓ ሰዓበኒ በሎ፣ ንሱ ግና በዚ ቃል እዚ ተኸፍኤ፣ ብዙሕ ጥሪት ነበሮ እሞ፣ እናጕሃየ ኸደ ። ማርቆስ ፲ ፤ ፲፯ - ፳፪ ።

ንሰብ ቅንዕቲ እትመስሎ መገዲ ኣላ፣ መወዳእታኣ ግና፣ መገዲ ሞት እዩ ። ምሳሌ ፲፬ ፤ ፳፪ ።

## ኣ ይ ት ጠ በ ሩ ።

ገበርቲ ቃል ኩኑ፣ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ ። ያእቆብ ፩ ፤ ፳፪ ።

ዓመጽቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዋ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ኣይትስሓቱ፣ ኣመንዝራታት ወይ

መምለኽቲ ጣኦት፡ ዘመውቲ ወይ ሕንቁቓት ወይ ግብረ ሰዶም ዚገብሩ፡ ሰረቕቲ ወይ ስሱዓት ወይ ሰከራት ወይ ተጻረፍቲ ወይ ዘረፍቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይኪወርሱዋን እዮም። ፩ ቈረንቶስ ፮፡ ፱-፲።

ብሰሪ እዚ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ቍጥዓ ኣምላኽ ይወርድ እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ብኸንቱ ዘረባ ኣየስሕትኩም። ኤፌሶን ፭፡ ፮።

ደቀየ ሓደ እኳ ኣየስሕትኩም። ከምቲ ንሱ ጻድቕ ዝኾነ፡ እቲ ጽድቂ ዚገብር ከኣ ጻድቕ እዩ። ዲያብሎስ ካብ መጀመርታ ሓጢኣት ይገብር እዩ እሞ፡ ሓጢኣት ዚገብር ካብ ዲያብሎስ እዩ። ፩ ዮሃንስ ፫፡ ፯-፰።

ሓደ ገለ ዘይኰነስ ገለ ከም ዝኾነ እንተ መሰሎ፡ ንርእሱ ይጥብር ኣሎ፡ እምበኣርከስ ጾር ሓድሕድኩም ጹሩ፡ ከምኡውን ሕጊ ክርስቶስ ፈጽሙ። ገላትያ ፮፡ ፫።

## ሓጢኣት ሞት የምጽእ።

ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣትውን ሞት ኵላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ ሞት ናብ ኵሉ ሰብ ሓለፈ። ሮሜ ፭፡ ፲፪።

ደሓር ትምኒት ምስ ጠነሰት፡ ንሓጢኣት ትወልድ፡ ሓጢኣት ምስ ተፈጸመ ድማ፡ ንሞት ይወልድ። ያእቆብ ፩፡ ፲፭።

ስለዚ እቲ ሓሳብ ስጋ ሞት እዩ፣ እቲ ሓሳብ መንፈስ ግና ህይወትን ሰላምን እዩ። ሮሜ ፰፣ ፮።

እታ ሓጢኣት እትገብር ነፍሲ እያ እትመውት። ውሉድ ኣበሳ ወላዲኡ ኣይክጸውርን፣ ወላዲውን ኣበሳ ውሉዱ ኣይክጸውርን እዩ። ጽድቂ እቲ ጻድቕ ኣብ ርእሱ ኪኸውን ረሲእነት እቲ ረሲእ ድማ ኣብ ርእሱ ኪኸውን እዩ። ህዝቅኤል ፲፰፣ ፳።

እዚ ሓውካ ግና ሞይቱ ነይሩ ሓውዩ፣ ጠፊኡ ነይሩውን ተረኺቡ እዩ እሞ፣ ክንሕጐስን ባህ ኪብለናን ይግብኣና እዩ። ሉቃስ ፲፭፣ ፴፪።

ጽድቂ ናብ ህይወት ይመርሕ፣ ንኽፉእ ዚስዕብ ግና ሞት የዳሉ። ምሳሌ ፲፩፣ ፲፱።

## ክርስቶስ ንሞት ሰዓረ።

እዚ ምስ በለ፣ ኣልኣዛር፣ ንዓ ናብ ወጻኢ ውጻእ፣ ኢሉ ብዓብይ ድምጺ ጨደረ። እቲ ምዉት ብግኑዙ፣ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ብእሱሩ፣ ገጹውን ብመኣረምያ ተጐንጒኑ ከሎ ወጸ። የሱስ ድማ፣ ፍትሕዎ እሞ ይኺድ ሕደግዎ በሎም። ዮሃንስ ፲፩፣ ፵፫ - ፵፬።

ኣነ እቲ ቀዳማይን እቲ ዳሕራይን እቲ ህያውን እየ እሞ፣ ኣይትፍራህ። ሞይተውን ነበርኩ፣ እንሆ ኸኣ ንዘለኣለም ኣለም ህያው እየ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ። ራእይ ዮሃንስ ፩፣ ፲፰።

ኣነ ንነፍሰይ በጃ ከሕልፋ፣ መሊሰውን ኪወስዳ እየ እሞ፣ ስለዚ ኣቦ የፍቅረኒ እዩ። ባሰለይ እየ በጃ ዜሕልፋ እምበር፣ ካባይ ዚወስዳስ የልቦን። በጃ ከሕልፋ ስልጣን ኣሎኒ። መሊሰ ክወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ፣ ነዛ ትእዛዝ እዚኣ ካብ ኣቦይ እየ እተቐበልኩዋ። ዮሃንስ ፲፣ ፲፯-፲፰።

ቀረቡ ነቲ ቃሬዛ ተንከዮ፣ እቶም ጸወርቲውን ደውበሉ። ንሱ ኸኣ ኣታ ጕበዝ ተንስእ እብለካ ኣሎኹ በሎ። እቲ ምዉት ተንሲኡ ተቀመጠ፣ ምዝራብውን ጀመረ። ሉቃስ ፯፣ ፲፬ - ፲፭።

## ዓሰርተ ትእዛዛት ናይ ኣምላኽ።

ኣብ ቅድመይ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይሃልዉኻ።

ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፣ ኣብ ታሕቲ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ፣ ወይስ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ኣብ ማይ ካብ ዘለዉ እተወቕረ ምስልን ስእሊ ዘበለን ንኣኻ ኣይትግበር።

እግዚኣብሄር ስሙ ብኸንቱ ንዘልዕል ናጻ ኣይሓድጎን እዩ እሞ፣ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል።

ንመዓልቲ ሰንበት ከም ቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝኣዘዘካ፣ ክትቅድሳ ሓልዋ። ሹድሽተ መዓልቲ ዕየ፣ ኵሉ ተግባርካ ግበር፣ እታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ግና ናይ እግዚ ኣብሄር ኣምላኽካ ሰንበት እያ።

ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝኣዘዘካ፥ ኣቦኻን ኣዴ
ኻን ኣኽብር።

ኣይትቕተል።

ኣይትዘሙ።

ኣይትስረቕ።

ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር።

ሰበይቲ ብጻይካ ኣይትመነ።

ቤት ብጻይካ፥ ግራቱ፥ ግዙኡ ወይ ግዝእቱ፥ ብዕራዩ፥ ወይ ኣድጉ፥ ወይ ናይ ብጻይካ ዘበለ ኵሉ ኣይትመነ። ዘዳግም ፭፣ ፮-፳፩።

## ካብ ኣምላኽ ክትሕብእ ኣይከኣልን እዩ።

ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ኣብ ኵሉ ስፍራ እየን፥ ንእኩያትን ንሰናያትን ከኣ ይቋመታኦም። ምሳሌ ፲፭፣ ፫።

ዘይገሃድ ሕቡእ የልቦን እሞ፥ ዘይፍለጥን ናብ ግልጺ ዘይወጽእን ስዉር ከኣ የልቦን። ሉቃስ ፰፣ ፲፯።

ንሰማይ እንተ ደየብኩ፥ ንስኻ ኣብኡ ኣሎኻ። መንጸፈይ ኣብ ሲኦል እንተ ኣንጸፍኩ፥ እንሆ ንስኻ ኣብኡ ኢኻ። ንኣኻስ ጸልማት እኳ ኣይጽልምተካን፥ ለይቲ ኸኣ ከም መዓልቲ ትበርህ ጸልማትን ብርሃንን ንኣኻ ሓደ እዮም። መዝሙር ዳዊት ፻፴፱፣ ፰ን ፲፪ን።

ኣዒንቱ ኣብ መገዲ ሰብ እየን እሞ፥ ንዅሉ ስጉምቶም ይርእዮ እዩ። እቶም ገበርቲ ሓጢኣት ዚሕብኡሉ
፲፰

ጸልማት ወይስ ድኑ ሞት የልቦን ። እዮብ ፴፰ ፥ ፳፩ - ፳፪ ።

ኣነ ኸይርእዮስ ሰብዶ ኣብ ስዉር ስፍራ ኺሕብእ ይከ ኣሎ እዩ? ይብል እግዚኣብሄር ። ሰማይን ምድርን ዚመ ልእዶ ኣነ ኣይኰንኩን? ይብል እግዚኣብሄር ። ኤርምያስ ፳፫ ፥ ፳፬ ።

## ንረሲኣን ዝበጽሖም ዘለኣለማዊ መቕጻዕቲ ።

እቲ ሕጂ ዘሎ ሰማያትን ምድርን ግና ብቓሉ ተዓ ቝሩ ኣሎ ። ክሳዕ መዓልቲ ፍርድን ፡ ክሳዕ ጥፍኣት እቶ ም ንእግዚኣብሄር ዘይፈርሁ ሰባትን ንሓዊ ይሕሉ ኣሎ ። ፪ ጴጥሮስ ፫ ፥ ፯ ።

ረሲኣን ንኣምላኽ ዚርስዕዎ ኵላቶም ኣህዛብ ፡ ናብ ሲ ኦል እዮም ዚምለሱ ። መዝሙር ዳዊት ፱ ፥ ፲፯ ።

ኢድካ ወይ እግርኻ እንተ ኣስሓተትካ ፡ ካባኻ ቈሪ ጽካ ደርብያ ። ክልተ ኢድን ክልተ እግርን ከሎካ ናብ ናይ ዘለኣለም ሓዊ ካብ እትድርበስ ፡ ቍሩጽ ወይስ ሓን ካስ ኴንካ ናብ ህይወት ምእታው ይሕሸካ ። ማቴዎስ ፲፰ ፥ ፰ ።

ወዲ ሰብ መላእኽቱ ኺልእኽ እዩ ። ንሳቶም ከኣ መዓ ንቀፍትን ዓመጽትን ንዘበሉ ኵላቶም ካብ መንግስቱ ኺእ ክብዎም ፡ ኣብ እቶን ሓዊ ኸኣ ኪድርብይዎም እዮም ። ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ኪኸውን እዩ ። ማቴዎስ ፲፫ ፥ ፵፩ - ፵፪ ።

እዚኣቶም ናብ ናይ ዘሌኣለም ስቓይ፡ ጻድቃን ግና ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪኸዱ እዮም። ማቴዎስ ፳፭ ፥ ፵፮ ።

## ዚመጽእ ፍርዲ።

ንሰብ ሓንሳብ ሙማት ብድሕሪኡውን ፍርዲ ተሰርዩ። እብራውያን ፱ ፥ ፳፯ ።

ኣምላኽ ነቲ ዘበን ድንቍርና ኣሕሊፉ፡ በቲ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ እሞ፡ ብእኡ ንዅሉ እምነት እናሃበ ዝመደቦ ሰብኣይ ንዓለም ብጽድቂ ዚፈርደላ መዓልቲ ወሲኑ ስለ ዘሎ፡ ሕጂ ኣብ ዅሉ ቦታ ንብዘሎ ሰብ ኪንስሑ ይነግር ኣሎ። ግብረ ሃዋርያት ፲፯ ፥ ፴ - ፴፩ ።

ከምቲ ንሱ ዘለዎ ከምኡውን ንሕና ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኢና ዘሎና እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርድስ ትብዓት ምእንቲ ኪህልወና፡ በዚ እታ ፍቕሪ ኣባና ተፈጸመት። ፩ ዮሃንስ ፬ ፥ ፲፯ ።

ነፍሲ ወከፍ ነቲ ብስጋኡ ከሎ ዝገበሮ ሰናይ ኰነ ወይስ እከይ ምእንቲ ኪቕበል፡ ዅላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ኽንገሃድ ኢና። ስለዚ ድማ ኣብ ስፍራና እንተ ኣሊና ወይስ ኣብ ወጻኢ፡ ንእኡ ኽነሔጕሶ ንጽዕት ኣሎና። ፪ ቈረንቶስ ፭ ፥ ፱ - ፲ ።

እምበኣርከስ ጕይታ ነቶም ፈራህቲ እግዚኣብሄር ካብ ፈተና ከውጽኦም፡ ንገበርቲ ዓመጻ ግና እናቐጽዔ ንመዓልቲ ፍርዲ ኪሕልዎም ይፈልጥ እዩ። ፩ ጴጥሮስ ፬ ፥ ፲ ።
፯

# ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ።

ግናኸ እቲ ውህበት ጸጋ ከንድቲ ኣበሳ ኣይኰነን ። ብኣበሳ ሓደ ሰብኣይ ብዙሓት ሞይቶም እዮም እሞ፡ እቲ ጸጋ ኣምላኽን ውህበቱን ብጸጋ እቲ ሓደ ሰብኣይ፡ ማለት የሱስ ክርስቶስ ናብቶም ብዙሓት እምብዛ ይዓዝዝ እዩ ። ሮሜ ፭ ፤ ፲፭ ።

ስለቲ ዘይንገር ውህበቱ ንኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ ። ፪ ቈረንቶስ ፱ ፤ ፲፭ ።

ኣምላኽ ንዕቡያት ይመዓቶም፡ ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም እዩ ። ፩ ጴጥሮስ ፭ ፤ ፭ ።

ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ትፈልጡ ኢኹም እሞ፡ ንስኻትኩም በቲ ድኽነቱ ምእንቲ ክትሀብትሙ፡ ሃብታም ክነሱስ ምእንታኻትኩም ደኸየ ። ፪ ቈረንቶስ ፰ ፤ ፱ ።

ሃዋርያት ከኣ ብብዙሕ ሓይሊ ብዛዕባ ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይምስክሩ ነበሩ ። ኣብ ኩሎም ከኣ ዓቢይ ጸጋ ነበረ ። ግብረ ሃዋርያ ፬ ፤ ፴፫ ።

ስለዚ ናይቲ ዝምሕር ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ናይቲ ዝደልን ዚጐዩን ኣይኰነን ። ሮሜ ፱ ፤ ፲፮ ።

## ን ስ ሓ ።

እምበኣርስከ ሓጢኣትኩም ምእንቲ ኪድምሰሰልኩም ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ከኣ ዘመን ዕረፍቲ ምእንቲ ኽመጸልኩም፡ ነቲ ቀድም ንኣኻትኩም እተሓርየ ክርስቶስ ከኣ

ምእንቲ ኪሰደልኩምሲ፣ ተነስሑን ተመለሱን። ግብረ ሃዋርያት ፫፣ ፲፱-፳።

ኣምላኽ ነቲ ዘበን ድንቁርና ኣሕሊፉ፣ በቲ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ እሞ፡ ብእኡ ንዅሉ እምነት እናሃበ፣ ዝመደበ ሰብኣይ፣ ንዓለም ብጽድቂ ዝፈርደላ መዓልቲ ወሲኑ፣ ስለ ዘሎ፣ ሕጂ ኣብ ኵሉ በታ ንብዘሎ ሰብ ኪንስሑ ይነግር ኣሎ። ግብረ ሃዋርያት ፲፯፣ ፴።

እንተ ዘይተነሳሕኩምሲ ኲላትኩም ድማ ከምኡ ክትጠፍኡ ኢኹም። ሉቃስ ፲፫፣ ፫።

ነቲ ዝገሃስኩምዎ ግህሰት ካባኹም ደርብዩ፣ ሓድሽ ልብን ሓድሽ መንፈስን ድማ ግበሩ። ኣቱም ቤት እስራኤል፡ ስለምንታይ እትሞቱ? ህዝቅኤል ፲፰፣ ፴፩።

በቲ ወርሓት እቲ ዮሃንስ መጥምቕ፣ መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ ተነስሑ፣ ኢሉ እናሰበኸ፣ ናብ በረኻ ይሁዳ መጸ። ማቴዎስ ፫፣ ፪።

ማለት ጓሂ ከም ፍቓድ ኣምላኽሲ ንምድሓን ዚኸውን ዘይትጠዓሰሉ ንስሓ የምጽእ፣ ጓሂ ዓለም ግና ሞት እዩ ዜምጽእ። ፪ ቆሮንቶስ ፯፣ ፲።

## ሕድገት ሓጢኣት።

ረሲእ መገዱ ዓመጸኛ ኸኣ ሓሳቡ ይሕደግ፣ ናብ እግዚኣብሄር ይመለስ ንሱ ኸኣ ኪምሕሮ እዩ፣ ኣዝዩ ይቕረ ይብል እዩ እሞ፡ ናብ ኣምላኽናውን ይመለስ። ኢሳይያስ ፶፭፣ ፯።

ንእስራኤል ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ምእንቲ ኪህብሲ ኣምላኽ ንእኡ ራእስን መድሓንን ገይሩ ናብ የማኑ ልዕል ኣበሎ። ግብረ ሃዋርያት ፭ ፣ ፴፩ ።

እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኽአ ኽድረር እየ፣ ንሱውን ምሳይ። ራእይ ዮሃንስ ፫ ፣ ፳ ።

ንሰብ በደሎም እንተ ሓደግኩምሎም፣ ንኣኻትኩም ድማ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ኪሓድገልኩም እዩ። ማቴዎስ ፮ ፣ ፲፬ ።

ግናኸ እቲ ረሲእ ካብቲ ዝገበሮ ኵሉ ሓጢኣቱ እንተ ተመልሰ፣ ኵሉ ሕጋጋተይ ከኣ እንተ ሓለወ፣ ቅንዕናን ጽድቅን ድማ እንተ ገበረ፣ ንሱ ብርግጽ ብህይወት ኪነብር ኣይኪመውትን ከኣ እዩ። ህዝቅኤል ፲፰ ፣ ፳፩ ።

የሱስ ድማ እምነቶም ርእዩ፣ ነቲ መጻጉዕ፣ ወደይ፣ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ፣ በሎ። ማርቆስ ፪ ፣ ፭ ።

## ካብ ሓጢኣት ምፍላይ።

ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይኰነን። ቈሎሴ ፫ ፣ ፪ ።

ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ እሞ፣ ንዅሉ ሰብውን ምድሓን ኣምጽኡ፣ እቲ ብሩኽ ተስፋን ናይቲ ዕዙዝ ኣምላኽ ናን መድሓኒና የሱስ ክርስቶስን ምግላጽ ክብሪ እናተጸ

ቤና፡ ግፍዕን ዓለማዊ ትምኒትን ኪሒድና፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብጥንቃቐን ብጽድቅን በሃ"ልኽን ክንነብር ይምህረና አሎ። ቲቶስ ፪፡ ፲፩ - ፲፪።

ተሓጸቡ ንጽሁ፡ ነቲ እከይ ግብርኹም ካብ ቅድሚ ኣዒንተይ ኣርሕቕዎ ምግባር እከይ ሕደጉ። ኢሳይያስ ፩፡ ፲፮።

ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ አይትፍትዉ። ሓደ እኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ፡ ፍቕሪ ኣቦ የብሉን። ኵሉ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ፡ ፍትወት ስጋን ፍትወት ኣዒንትን ንብረት ትዕቢትን እዚ ኻብ ዓለም እዩ እምበር ካብ ኣቦስ አይኰነን። ፩ ዮሃንስ ፪፡ ፲፭ - ፲፮።

ግንሕዎም ድኣ እምበር ነቲ ፍረ ዜብሉ ግብሪ ጸልማትስ ኣይትሕበርዎ። ኤፌሶን ፭፡ ፲፩።

## ከም ብሓድሽ ምውላድ።

ሓድሽ ልቢ ድማ ኪህበኩም ሓድሽ መንፈስ ከአ ከሕድረልኩም፡ ናይ እምኒ ልቢ ካብ ስጋኹም ከውጽእ ናይ ስጋ ልቢውን ክህበኩም እየ። ህዝቅኤል ፴፮፡ ፳፮።

የሱስ ድማ፡ ካብ ላዕሊ እንተ ዘይተወልደ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኪርእያ ዚኽእል ከምዘልቦ፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ። ዮሃንስ ፫፡ ፫።

ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ አልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሓሊፉ እንሆ፡ ኵሉ ሓድሽ ኰይኑ። ፪ ቈረንቶስ ፭፡ ፲፯።

ንሱ ጻድቕ ምዃኑ ትፈልጡ እንተ ኾንኩምሲ ጽድ
ቕ ዝገብር ዘበለ ኩሉ ኻብኡ ኸም እተወልደውን ፍለጡ።
፩ ዮሃንስ ፪፥ ፳፱።

ብህያውን ንዘለኣለም ብዝነብርን ቃል ኣምላኽ ካብ
ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር፡ ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኰንኩ
ምን ከም ብሓድሽ እተወለድኩም ንሓቂ እናተኣዘዝኩ
ምዎ፡ ግብዝና ንዜብላ ፍቕሪ ኣሕዋት ንነፍስኹም ኣጽ
ርዩ፡ ብንጹህ ልቢ ንሓድሕድኩም ብሓቂ ተፋቐሩ። ፩
ጴጥሮስ ፩፥ ፳፪-፳፫።

እቲ ኻብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ፡ ርእሱ ይሕሉ፡
እቲ እኩይውን ኣይትንክዮን እዩ፡ እምበር እቲ ኻብ ኣም
ላኽ እተወልደስ፡ ሓጢኣት ከም ዘይገብር ንፈልጥ ኢና።
፩ ዮሃንስ ፭፥ ፲፰።

## ንሓጢኣት ዝሞቱ ንክርስቶስ ግና ዝተንስኡ።

ንስኻትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፡
ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዝገብር
ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር እተመላለስኩም፡ ብበደልኩምን
ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም ንኣኻትኩም ህያዋን
ገበረኩም። ኤፌሶን ፪፥ ፩-፪።

ምስኡውን ኣተንስኣና፡ ኣብቲ ዚመጽእ ዘመናት ብሕ
ያውነቱ እቲ ብሉጽ ሃብቲ ጸጋኡ ብክርስቶስ የሱስ ኣባታ
ትና ምእንቲ ኺርኢ፡ ኣብ ሰማያት ብክርስቶስ የሱስ ምስ
ኡ ኣቐመጠና። ኤፌሶን ፪፥ ፮-፯።

ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተ ኾንኩምሲ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ድለዩ። ቈሎሴ ፫ ፥ ፩።

ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ክንነብር፡ ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕንጨይቲ ጸሮ። ብቑስሉ ኢኹም ዝሓዊኹም። ፩ ጴጥሮስ ፪ ፥ ፳፬።

እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ኸኣ ነቲ ስጋኦም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቂሎምዎ እዮም። ገላትያ ፭ ፥ ፳፬።

ንሕና ኻብ ሓጢኣት ዝሞትና ከመይ ኢልና ሕጂ ኣብኡ ክንነብር? ሮሜ ፮ ፥ ፪።

ከምኡ ድማ፡ ንስኻትኩም ኻብ ሓጢኣት ከም ዝሞትኩም፡ ብክርስቶስ የሱስ ግና ንኣምላኽ ህያዋን ከም ዝኾንኩም ርእስኹም ቍጸሩ። ሮሜ ፮ ፥ ፲፩።

## ዘለኣለም ህይወት።

ብእኡ ዚኣምን ኵሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪስቀል ይግባእ እዩ። ዮሃንስ ፫ ፥ ፲፬ - ፲፭።

ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም ንኣምላኽውን ስለ እተኣዘዝኩምዎ ፍሬኹም ንቕድስና ኹይ

ኑ ኣሎ፣ መወዳእታኡ ኸኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሮሜ ፮ ፥ ፳፪ - ፳፫ ።

ኣምላኽ ሓቂ ንስኻ በይንኻ ምዃንካን ነቲ ዝለኣኽ ካዮ የሱስ ክርስቶስን ኪፈልጡ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዚኣ እያ። ዮሃንስ ፲፯ ፥ ፫ ።

ብወዱ ዚኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ፣ እቲ ብወዱ ዘይኣምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ድኣ ኣብኡ ይነብር እምበር፣ ንህይወት ኣይክርእያን እዩ። ዮሃንስ ፫ ፥ ፴፮ ።

እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዝዘርእ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ኪዓጽድ እዩ። እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዝዘርእ ግና ካብቲ መንፈስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪዓጽድ እዩ። ገላትያ ፮ ፥ ፰ ።

እቲ ንቓለይ ዚሰምዖን በቲ ዚለኣኸኒ ዚኣምንን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ። ንሱ ኻብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እምበር፣ ናብ ፍርዲ ከምዘይበጽሕ ብሓቂ ብሓቂ፣ እብለኩም ኣሎኹ። ዮሃንስ ፭ ፥ ፳፬ ።

## ይና ድሕነት ርግጽነት።

ውሉድ ስለ ዝኾንኩም ከኣ፣ ኣምላኽ ነቲ ኣባ ኣቦ ኢሉ ዚጽውዕ መንፈስ ወዱ ናብ ልብና ልኣኸ። ገላትያ ፬ ፥ ፮ ።

እቲ ትእዛዛተይ ዘሎዎ እሞ ዚሕልዎ ንሱ እዩ ዘፍቅረኒ። ነቲ ዘፍቅረኒ ድማ ኣበይ የፍቅሮ እዩ። ኣነውን ኤፍቅሮ ርእሰይ ክኣ እገልጸሉ። ዮሃንስ ፲፬ ፥ ፳፩ ።

ግብረ ጽድቅስ ሰላም፣ ፍረ ጽድቂውን ህድኣትን ደሓንን ንዘለኣለም ኪኸውን እዩ። ኢሳይያስ ፴፪፡ ፲፯።

ውሉድ ኣምላኽ ምኳንና ኸኣ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ምስ መንፈስና ኮይኑ ዚምስክር። ሮሜ ፰፡ ፲፮።

ኣቱም ደቀየ፣ ብግብርን ብሓቅን እምበር፣ ብቓልን ብልሳንን ኣይንፋቐር። ምንም እኳ ልብና እንተ ነቐፈና፣ ኣምላኽ ካብ ልብና ዚዓብን ኵሉ ዚፈልጥን ስለ ዝኾነ፣ ንልብና ኣብ ቅድሚኡ ነህድኣዮ፣ እሞ ካብ ሓቂ ምኳንና በዚ ኢና እንፈልጥ። ፩ ዮሃንስ ፫፡ ፲፰-፳።

ካብ መንፈሱ ስለ ዝሃበና፣ ንሕና ኣብኡ ኸም እንነብር ንሱውን ኣባና ኸም ዚነብር በዚ ኢና እንፈልጥ። ፩ ዮሃንስ ፬፡ ፲፫።

## ሰላም ዚህብ ክርስቶስ።

ሕጂ ግና ናባኻ እመጽእ ኣሎኹ፣ ሓጐሰይ ኣባታቶም ምእንቲ ኪፍጸም ድማ እዚ ኣብ ዓለም እዛረብ ኣሎኹ። ዮሃንስ ፲፯፡ ፲፫።

መንግስቲ ኣምላኽሲ ብመንፈስ ቅዱስ ጽድቅን ሰላምን ሓጐስን እያ እምበር ብልዕን መስተን ኣይኰነትን እሞ፣ ነቲ ሰናይኩም ኣይተጸርፍዎ። ሮሜ ፲፬፡ ፲፯።

ግናኸ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ እምበር ደጊም ኣነ ኣይኰንኩን ዝነብር ዘሎኹ። እዚ ሕጂ ብስጋ ዚነብሮ ዘሎኹ ድማ፣ ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይውን

ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ አምላኽ እየ ዝነብር ዘሎኹ ። ገላትያ ፪ ፥ ፳ ።

ካብ ዒላታት ምድሓን ከአ ብደስታ ማይ ክትቀድሑ ኢኹም ። ኢሳይያስ ፲፪ ፥ ፫ ።

ሓጐሰይ አብ ኻትኩም ምእንቲ ኪጸንዕ ፡ ሓጐስኩም ውን ኪፍጸምሲ ፡ እዚ ነገርኩኹም ። ዮሃንስ ፲፫ ፥ ፲፯ ።

ንመገዲ ህይወት ትሕብረኒ ፡ አብ ቅድሚ ገጽካ ናይ ሓጐስ ጽጋብ አብ የማንካውን ንዘለአለም ብጽእና አሎ ። መዝሙር ዳዊት ፲፮ ፥ ፲፩ ።

## ንአምላኽ ምእዛዝ አድላዪ እዩ ።

ግናኸ ንቓል እግዚአብሄር እንተ ዘይሰማዕኩም ፡ ንትእዛዛት እግዚአብሄርውን እንተ አቤኹምዎ ፡ ሽዑ ኢድ እግዚአብሄር ከምቲ ነቦታትኩም አተጻረረት ንአኻትኩም ድማ ክትጻረረኩም እያ ። ፩ ሳሙኤል ፲፪ ፥ ፲፭ ።

ንምእዛዙ ባሮት ክትኰኑ ርእስኹም ንትህብዎ ፡ ንሓጢአት እንተ ኾይኑ ንሞት ፡ ንምእዛዝ እንተ ኾይኑ ንጽድቂ ፡ ነቲ ትእዘዝዎስ ባሮቱ ኸም ዝኾንኩምዶ አይትፈልጡን ኢኹም ? ሮሜ ፮ ፥ ፲፮ ።

በቲ ምግላጽ ጐይታና የሱስ ካብ ሰማይ ምስ መላእኽቲ ስልጣኑ ንአኻትኩም ጸቢቡኩም ዘሎን ምሳና ዕረፍቲ ፡ ነቶም ዜጻብቡልኩም ዘሎዉ ጸበባ ኪፈዲ ፡ ብአምላኽ ቅኑዕ እዩ እሞ ፡ ነቶም ንአምላኽ ዘይፈልጥዎን ንወን

ጌል ጐይታና የሱስ ዘይእዝዝዎን ብሃልሃልታ ሓዊ ሕነ ኺፈድዮም እዩ። እቲ ኣብ ኻትኩም ዝመስከርናዮ፣ ምስክር ተኣሚኑ እዩ፣ እሞ የሱስ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ቅዱሳኑ ኪኽብርን ኣብቶም ዝኣምኑ ኺግረምን ምስ መጸ ንሳቶም ብመቕጻዕቲ ናይ ዘለኣለም ጥፍኣት፣ ካብ ቅድሚ ጐይታናን ክብሪ ስልጣኑን ርሒቖም፣ ኪቕጽዑ እዮም።
፪ ተሰሎንቄ ፩፣ ፮-፲።

እንሆ ሎሚ ምርቓን መርገምን ኣብ ቅድሚኹም ኤንብር ኣሎኹ፣ እቲ ምርቓ፣ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እንተ ሰዓብኩም እዩ። እቲ መርገም ድማ፣ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እንተ ዘይሰማዕኩም፣ ካብዛ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ መገዲ እንተ ዘምበልኩም፣ ደድሕሪ ዘይትፈልጥዎም ካልኦት ኣማልኽቲ ኸኣ እንተ ሰዓብኩም እዩ።
ዘዳግም ፲፩፣ ፳፮-፳፰።

## ንክርስቶስ ምእማን ኣድላዪ እዩ።

ስለዚ ኸኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኵሉ ብርኪ ብስም የሱስ ምእንቲ ኺምብርከኽ፣ ልሳን ዘበለውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ጐይታ ምዃኑ ኺእመን እዩ፣ ኣምላኽ ናብ ልዕሊ ኵሉ ልዕል ዘበሎ፣ ካብ ኵሉ ስም ልዕል ዚበል ስምውን ዝሀበ። ፊልጲ ፪፣ ፱-፲፩።

ስለዚ ኣብ ቀድሚ ሰብ ንተኣመነኒ ኵሉ፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ቀድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክእመኖ እየ። ኣብ ቀድሚ ሰብ ንዝኸሓደኒ ግና ኣነ ድማ ኣብ ቀድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክኽሕዶ እየ። ማቴዎስ ፲ ፡ ፴፪ - ፴፫ ።

እቲ ጽሑፍ፡ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሓፍርን፡ ይብል እዩ እሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑ ውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ። ሮሜ ፲ ፡ ፱-፲፩ ።

ነቲ ወዲ ዝኽሕዶ ዘበለ ኵሉ፡ ንእኡ እቲ ኣቦ የብሉን፡ ነቲ ወዲ እተኣመነ ግና፡ እቲ ኣቦ ኣለዎ። ፩ ዮሃንስ ፪ ፡ ፳፫ ።

ብኣይን ብቓለይን ዚሓፍር ዘበለ፡ ወዲ ሰብ ብግርማኡን ብግርማ ኣቦኡን ብግርማ ቅዱሳን መላእኽቱን ኪመጽእ ከሎ፡ ብእኡ ኪሓፍር እዩ። ሉቃስ ፱ ፡ ፳፮ ።

## ሰይጣን ጸላኢና ።

ሽዑ መንፈስ ንየሱስ፡ ብዲያብሎስ ኪፍተን፡ ናብ በረኻ ኣውጽኦ። ማቴዎስ ፬ ፡ ፩ ።

ሽዑ የሱስ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስገድ፡ ንእኡ በይኑ ድማ ተገዛእ፡ ጽሑፍ ኣሎ እሞ፡ ኪድ ርሓቕ፡ ሰይጣን በሎ። ድሕርዚ ዲያብሎስ ሓደጎ፡ እንሆ ድማ መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ። ማቴዎስ ፬ ፡ ፲ - ፲፩ ።

እቶም ዚጠፍኡስ ንምድሓኖም ዝኸውን ፍቕሪ ሓቂ ስለ ዘይተቐበሉ፣ ንኣታቶም ናይ እዚ ኣመጻጽኣ ብዅሉ ጥበራ ዓመጻ፣ ብዅሉ ሓይልን ትእምርትን ተኣምራት ሓሶትን ብሓይሊ ሰይጣን እዩ ዚኸውን። ፪ ተሰሎንቄ ፪፣ ፱-፲።

ንኣይ ብምእማን ከኣ ሕድገት ሓጢኣትን ርስቲ ምስ ቅዱሳንን ኪረኽቡ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፣ ካብ ስልጣን ሰይጣንውን ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ኣዒንቶም ክትከፍተሎም፣ እልእከካ ኣሎኹ። ግብረ ሃዋርያት ፳፮፣ ፲፰።

ዲያብሎስ እቲ መጻርርትኹም፣ ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዚጓዝም ኣንበሳ ኹይኑ ይዘውር ኣሎ እሞ፣ ተጠንቀቑ። ንቕሑ። ፩ ጴጥሮስ ፭፣ ፰።

እቲ ቀልስና ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፣ ምስ ስጋን ደምን ኣይኰነን እሞ፣ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ክትክእሉስ፣ ኵሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ። ኤፌሶን ፮፣ ፲፩-፲፪።

## ዓወት ኣብ ልዕሊ ዲያብሎስ።

እቲ መፍረስ ሕጊ ድማ ሽዑ ኺግለጽ እዩ፣ ንእኡ ጐይታና የሱስ ብመንፈስ ኣፉ ገይሩ ኼጥፍኦ፣ ብምግላጽ ምጽኣቱውን ከንቱ ኪገብሮ እዩ። ፪ ተሰሎንቄ ፪፣ ፰።

እምብኣርሲ ንኣምላኽ ተገዝኡ። ንዲያብሎስ ግና

ተጻረርዎ እሞ ፡ ንሱ ካባኻትኩም ኪሃድም እዩ ። ንእም ላኽ ቅረብዎ ንሱውን ኪቐርበኩም እዩ ። ኣቱም ሓጥኣን ኣእዳውኩም ኣጽርዩ ፣ ኣቱም ሰብ ክልተ ልቢውን ፣ ልብ ኹም ኣንጽሁ ። ያእቆብ ፬ ፣ ፯ - ፰ ።

እምብኣርሲ ብሓቂ ንዘርኢ ኣብርሃም ኣልዓሎ እምበር ፡ ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን እሞ ፡ እቶም ውሉድ ብደምን ስጋን ካብ ዚሓብሩስ ፣ ብሞቱ ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምእንቲ ኺስዕር ፣ ንሱውን ዲያብሎስ እዩ ፣ ነቶም ብፍርሃት ሞት ብዘሎ ዘመኖም ብባርነት ተታሒዞም ዚነብሩ ኵላቶም ሓራ ምእንቲ ኸውጽኦም ኢሉ ፣ ንሱውን ብእኡ ሓበሮም ። እብራውያን ፪ ፣ ፲፬ - ፲፭ ።

ዲያብሎስ ካብ መጀመርታ ሓጢኣት ይገብር እዩ እሞ ሓጢኣት ዚገብር ካብ ዲያብሎስ እዩ ። ወዲ ኣምላኽ ኸኣ ግብሪ ዲያብሎስ ምእንቲ ኸፍርስ ኢሉ እዩ ነዚ እተገልጸ ። ፩ ዮሃንስ ፫ ፣ ፰ ።

ካብታ ፍቕሪ ክርስቶስ ዚፈልየና መን እዩ? ከመዮ ምእንታኻ ምሉእ መዓልቲ ንቕተል ኢሎና ፣ ከም ኣባጊዕ ማሕረዲውን ተቘጸርና ፣ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ ፣ ጭንቀትዶ ጸበባዶ ፣ ስደትዶ ፣ ጥሜትዶ ፣ ዕርቃንዶ ፣ ፍርሂዶ ወይስ ሳይፊ ?

ሞት ኮነ ወይ ህይወት ፣ መላእኽቲ ኹኑ ወይ ገዛእቲ ዘሎ ኾነ ወይ ዚመጽእ ፣ ወይ ሓይልታት ልዕል ዝበለ ኾነ ወይ ትሕት ዝበለ ፣ ካልእ ፍጥረትውን እንተ ኾነ ፣ ካብታ

ኣብ ክርስቶስ የሱስ ጐይታና ዘላ ፍቕሪ ኣምላኽ ከቶ ኺፈልየና ኽም ዘይኽእሉ፣ ኣርጊጸ ኣሎኹ እሞ፣ በዚ ኹሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና። ሮሜ ፰፥ ፴፭ - ፴፱ ።

## ፍቕሪ ኣሕዋት ዘለዎ ወደ መዝሙር ክርስቶስ እዩ።

ነቲ ዚርእዮ ሓዉ ዘየፍቅሮስ፣ ነቲ ዘይርእዮ ኣምላኽ ኬፍቅሮ ኣይከኣሉን እዩ እሞ፣ ንሓዉ እናጸልኦስ ንኣምላኽ ኤፍቅሮ እየ ዚብል እንተሎ፣ ንሱ ሓሳዊ እዩ። ፩ ዮሃንስ ፬፥ ፳ ።

እቲ ፍረ መንፈስ ግና ፍቕሪ፣ ሓጐስ፣ ዕርቂ፣ ዓቕሊ፣ ለውሃት፣ ሕያውነት፣ እምነት፣ ህድኣት፣ ይኣኽለኒ ምባል እዩ፣ ነዚ ኸምዚ ዝመሰለ ዚጻረሮ ሕጊ የልቦን። ገላትያ ፭፥ ፳፪ - ፳፫ ።

ነንሓድሕድኩም ፍቕሪ እንተ ኣላትኩም፣ በዚ ደቀ መዛሙርተይ ምዃንኩም ኵሉ፣ ኺፈልጥ እዩ። ዮሃንስ ፲፫፥ ፴፭ ።

ከም ብሓድሽ ከኣ ካልኣይ ጊዜ፣ ስምኦን ወዲ ዮና፣ ተፍቅረኒዶ ኢኻ? በሎ። ንሱ፥ እወ ጐይታይ ኣነ ከም ዘፍቅረካ፣ ንስኻ ትፈልጥ ኣሎኻ በሎ። ንሱ፥ ኣባጊዔይ ሓሉ፣ በሎ። ዮሃንስ ፳፩፥ ፲፮ ።

ብቛንቋታት ሰብን መላእኽትን እንተዝዛረብ፣ ፍቕሪ ካብ ዘይትህልወኒ ከም ዘድሂ ኣስራዚ ወይስ ጭል ጭል ከም ዝብል ጻናጽል ምኾንኩ። ፩ ቈረንቶስ ፲፫፥ ፩። ፴፬

ንሕና፣ ነሕዋት ነፍቅሮም ስለ ዝኾንና፡ ካብ ሞትሲ ናብ ህይወት ከም እተሳገርና ንፈልጥ ኢሎና። እቲ ዘየፍቅር ግና ኣብ ሞት ይነብር። ፩ ዮሃንስ ፫ ፤ ፲፬ ።

## ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ።

ነቲ ኣብ ሃገር ኣይሁድን ኣብ የሩሳሌምን ዝገበሮ ኩሉ ንሕናውን ምስክር ኢና። ንእኡ ኣብ ዕንጸይቲ ሰቒሎም ቀተልዎ። ንእኡ ኣምላኽ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኣተንስኦ፡ ኪገሃድ ከኣ ሀበ፡ ንኣና ምስክር ምእንቲ ኪንከውን፡ ኣምላኽ ቅድም ዚሓረየና፡ ንኣና፡ ድሕሪ ካብ ምዉታት ምትንሳኡ ምስኡ ዝበላዕናን ዚሰቴናን እምበር፡ ንኹሉ ህዝብስ ኣይተጋህደን። ግብረ ሃዋርያት ፲ ፤ ፴፱ - ፵፩ ።

ንሱ ብሰሪ ሓጢኣትና በጃ ተዋህበ፡ ስለ ጽድቅናውን ተንስኤ። ሮሜ ፬ ፤ ፳፭ ።

ድሕሪ ሾሞንተ መዓልቲ ኸኣ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ኸም ብሓድሽ ኣብ ውሽጢ ነበሩ፡ ቶማስውን ምሳታቶም ነበረ። መዓጹ ተሸጊሩ ኸሎ፡ የሱስ መጺ፡ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉውን፤ ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን በሎም። ደሓር ከኣ ንቶማስ ኣጻብዕካ ናብዚ ኣምጽእ ነእዳወይውን ርኤ፡ ኢድካ ኸኣ ናብዚ ኣምጽእ እሞ፡ ናብ ጐድነይ ኣእትዎ። ኣማኒ እምበር ዘይኣማኒ ኣይትኹን በሎ። ቶማስ መሊሱ፤ ጐይታይን ኣምላኸይን በሎ። ዮሃንስ ፳ ፤ ፳፮-፳፰ ።

በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን ንግሆ ምስ ተንስኤ

ነታ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ዘውጽኣላ ማርያም በዓልቲ መግ
ደላ ቅድም ተራእያ ። ማርቆስ ፲፮ ፥ ፱ ።

## ትንሳኤ ክብሪ ዝመልአ ተስፋና ።

ካብ ሽዑ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ የሩሳሌም ኪድ ይብ፡ ብዓበይትን ብሊቃውንቲ ካህናትን ብጸሓፍትን ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኪጸግብ፡ ኪቕተል፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ኪትንስእ ከም ዚግብኦ ኪገልጸሎም ጀመረ። ማቴዎስ ፲፮ ፥ ፳፩ ።

እቶም ምዉታት ድምጺ ወዲ ኣምላኽ ዚሰምዑላ ሰዓት ትመጽእ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ፡ እቶም ዚሰምዕዎ ድማ ህያዋን ኪኾኑ እዮም፡ ኢለ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ዮሃንስ ፭ ፥ ፳፭ ።

ኣብ መቓብር ዘለዉ ኵላቶም ድምጺ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ሰናይ ዝገበሩ ናብ ትንሳኤ ህይወት፡ እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኺወጹ እዮም እሞ፡ በዚ ኣይትደነቑ። ዮሃንስ ፭ ፥ ፳፰ - ፳፱ ።

ወይስ ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኵላትና ብሞቱ ከም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? እምብኣርሲ ኽምቲ ክርስቶስ በዅሬ ኣቦኡ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ፡ ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ኽንመላለስ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና። ሞትና ንሞቱ መሲሉ ሕቡራቱ እንተ ኾንናስ፡ ከምኡ ኸኣ ብትንሳኤኡ ክንሓብሮ ኢና። ሮሜ ፮ ፥ ፫ - ፭ ።

# ቅድስና ንኣምላኽ ።

ብቕድስናን ብጽድቅን ብኹሉ ዕለትና ኣብ ቅድሚኡ ኻብ ኢድ ጸላእትና ድሒንና ብዘይ ፍርሃት ከነምልኾ ኢና ። ሉቃስ ፩ ፡ ፸፬ - ፸፭ ።

እምበኣርከ ኣቱም ፍቁራተይ ፡ እዚ ተስፋታት እዚ ካብ ዚህልወናስ ብፍርሃት ኣምላኽ ቅድስና እናመላእና ፡ ካብቲ ስጋን መንፈስን ዜርክስ ዘበለ ኹሉ ርእስና ነንጽህ። ፪ ቆረንቶስ ፯ ፡ ፩ ።

እምበኣርሲ ሓደ እኳ ርእሱ ኻብዚኣቶም እንተ ኣጽረየ ፡ ንሱ ኣቕሓ ክብሪ እተቐደሰ ፡ ንተግባር ብዓል ቤት ዚጠቅም ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ እተዳለወ ይኸውን እዩ ። ፪ ጢሞቴዎስ ፪ ፡ ፳፩ ።

ከምቲ ናይ ቀደም ፍልጠት እግዚኣብሄር ኣቦና ብቕድስና መንፈስ ንምእዛዝን ብደም የሱስ ክርስቶስ ንምንጻግን ጸጋን ሰላምን ኣብኻትኩም ይብዛሕ። ፩ ጴጥሮስ ፩ ፡ ፪።

ኣነ ቅዱስ እየ እሞ ፡ ቅዱሳት ኩኑ ፡ ዚብል ጽሑፍ ስለ ዘሎ ፡ ከምቲ እቲ ዝጸውዓኩም ቅዱስ ዝኾነ ፡ ንስኻትኩምውን ብኹሉ ንብረትኩም ቅዱሳት ኩኑ ። ፩ ጴጥሮስ ፩ ፡ ፲፭ - ፲፮ ።

መገዲ ጽርግያ ኣብኣ ክትከውን እያ ፡ ቅድስቲ መገዲ ክትበሃል እያ ፡ ርኹስ ዘበለ ኣይኪሓልፋን እዩ ። ንኣታቶም ጥራይ እያ ፡ እቲ ብኣኣ ዚኸይድ ፡ ዓሻ እኳ እንተ ኾነ ፡ ኣይኪጋገን እዩ ። ኢሳይያስ ፶፪ ፡ ፲፩ ።

ስለዚ የሱስ ከአ፥ ብደሙ ንህዝቢ ምእንቲ ኪቕድስ ኢሉ፥ ኣብ ወጻኢ ኣፍ ከተማ፥ መከራ ጸገበ። እብራውያን ፲፫፥ ፲፪።

ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፥ ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፥ ካብ ኵሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ። ፩ ዮሃንስ ፩፥ ፱።

ኣነስ ንንስሓ ብማይ ኤጥምቐኩም ኣሎኹ፥ እቲ ድሕረይ ዚመጽእ ግና ካባይ ይሕይል እዩ። ኣነስ ኣሳእኑ ኪጸውር እኳ ኣይክበቅዕን። ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ሓውን ኬጥምቐኩም እዩ። ማቴዎስ ፫፥ ፲፩።

ከምቲ ብፍቕሪ ኣብ ቅድሚኡ ቅዱሳንን መንቅብ ዜብሎምን ምእንቲ ክንከውን፥ ቅድሚ ምስራት ዓለም ብእኡ ዝሓረየና። ኤፌሶን ፩፥ ፬።

## መንፈስ ኣምላኽ ዝተመልኦ ሰብ።

እቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ ሓጐስን መንፈስ ቅዱስን መልኡ። ግብረ ሃዋርያት ፲፫፥ ፶፪።

ንስኻትኩም ግና፥ መንፈስ ኣምላኽ ሓዲሩኩም እንተ ኣልዩስ፥ ብመንፈስ እምበር ብስጋ ኣይኰንኩምን ዘሎኹም። እቲ መንፈስ ክርስቶስ ዜብሉ ሰብ ግና፥ ንሱ ናቱ ኣይኮነን። ሮሜ ፰፥ ፱።

እምበኣርሲ ንስኻትኩም እኳ ክፉኣት ክነስኹም፥ ንደቕኹም ጽቡቕ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፥ እቲ ኣብ

ሰማይ ዘሎ ኣቦ ግዳ ንዚልምንዎ ኽንደይ ኣብዚሑ መን ፈስ ቅዱስ ዘይህበም ? ሉቃስ ፲፩ ፣ ፲፫ ።

ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ክሕድር፡ ብትእዛዘይ ከመላልሰኩም ፍርደይ ክሐልወኩምን ክግብረኩምን እየ። ህዝቅኤል ፴፮ ፡ ፳፯ ።

መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ክትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኵላ ይሁዳን፡ ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም በሎም ። ግብረ ሃዋርያት ፩ ፡ ፰ ።

ምስ ለመኑ ኸኣ፡ እታ ተኣኪቦምላ ዘለዉ ስፍራ ተናወጸት፡ ኵላቶም ከኣ መንፈስ ቅዱስ መልኡ፡ ቃል ኣምላኽውን ብትብዓት ተዛረቡ። ግብረ ሃዋርያት ፬ ፡ ፴፩ ።

## ግሩም ተስፋታት ንኣመንቲ ።

እግዚኣብሄር ነቶም ስቡር ልቢ ዘሎዎም ቀረባኦም እዩ ። ነቶም ቅጥቁጥ መንፈስ ዘሎዎም ድማ የድሕኖም ። መዝሙር ዳዊት ፴፬ ፡ ፲፰ ።

ኢደይ እያ ነዚ ኵሉ ዝገበረቶ፡ እዚ ዅሉ ኸኣ ኰይኑ ኣሎ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ግናኸ ኣብቲ ሽጉርን ድቑስን መንፈስ ዘለዎን ብቓለይ ዚርዕድን ሰብ ድኣ እየ ዝጥምት ዘሎኹ ። ኢሳይያስ ፷፮ ፡ ፪ ።

ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ ። እቲ ቀዳማይ ሓሊፉ እዩ እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ሞት

ኣይከኸውንን፡ ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን ወይ ጫውጫው ወይ ጻዕሪ ኣይከኸውንን እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። ራእይ ዮሃንስ ፳፩ ፥ ፬ ።

ኣቱም ፍቑራተይ፡ በቲ ንምፍታን ዚረኸበኩም ዘሎ ዋዒ ሓዊ፡ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓኩም ኴንኩም ኣይትገረሙ። ብምግላጽ ግርማኡ ድማ ክትሕጐሱን ባህ ኪትብሉንን ኢኹም እሞ፡ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራት ካብ ትኾኑስ ተሓጐሱ ድኣ። ፩ ጴጥሮስ ፬ ፥ ፲፪-፲፫ ።

ብእግዚኣብሄር ተማዕቈብ ሰናይ ድማ ግበር፡ ኣብታ ሃገር ተቐመጥ፡ እምነት ከኣ ድለ። መዝሙር ዳዊት ፴፯ ፥ ፫።

## ተስፋታት ንዝተፈተኑ።

ንሱ ባዕሉ ኪፍተን ከሎ ተሰቅዩ እዩ እሞ፡ ነቶም ዚፍተኑ ኪረድኦም ይከኣሎ እዩ። እብራውያን ፲፪ ፥ ፲፩ ።

ኣምላኽ ሰላም ከኣ ንሰይጣን ቀልጢፉ፡ ኣብ ትሕቲ እግርኹም፡ ኪቕጥቅጦ እዩ። ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምሳኻትኩም ይኹን። ሮሜ ፲፮ ፥ ፳ ።

ናይ ጻድቕ መከራ ብዙሕ እዩ፡ እግዚኣብሄር ግና ካብ ኵሉ የናግፎ። መዝሙር ዳዊት ፴፬ ፥ ፲፱ ።

ብማያት ምስ እትሓልፍ፡ ምሳኻ ክኸውን እየ፡ ብውሒዝ ምስ ትሳገር ከኣ ኣይከጥሕለካን እዩ፡ ብሓዊ ምስ ትኸይድ ኣይክትነድድን ኢኻ፡ ሃልሃልታውን ኣይኪሀምኾካን እዩ። ኢሳይያስ ፵፫ ፥ ፪ ።

ሰብ ኪጸር ዘይክእል ፈተና ኣይበጽሓኩምን። ኣም ላኽ እሙን እዩ እሞ፡ ምስቲ ፈተናኹም ምጽዋሩ ምእ ንቲ ክትክእሉስ፡ መውጽኢ ገይሩልኩም ኣሎ፡ ካብ ዓቕ ምኹም ንንየው ክትፍተኑ ኣይሓድገኩምን እዩ። ፩ ቈረ ንቶስ ፲፡ ፲፫።

ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ከም ምኽሩ ውን እተጸውዑ ግና ኵሉ ንሰናይ ከም ዝድግፎም፡ ንፈልጥ ኢና። ሮሜ ፰፡ ፳፰።

## ተስፋታት ንዝተዓወቱ።

እቲ ዚስዕር ከምኡ ጻዕዳ ክዳውንቲ ክኽደን እዩ። ኣነውን ንስሙ ኻብ መጽሓፍ ህይወት ኣይክፍሕቆን እየ፡ ኣብ ቅድሚ ኣበይን ኣብ ቅድሚ መላእኽቱን ድማ ንስሙ ክእመኖ እየ። ራእይ ዮሃንስ ፫፡ ፭።

ነቲ ዚስዕር ኣብታ መቕደስ ኣምላኸይ ዓንዲ ኪገብሮ እየ፡ ካብኣ ከቶ ኣይክወጽእን እዩ፡ ስም ኣምላኸይን ስም እታ ኸተማ ኣምላኸይን ናይታ ኻብ ኣምላኸይ ካብ ሰማይ እትወርድ ሓዳስ የሩሳሌምን፡ ነቲ ሓድሽ ስመይን ክጽሕፈሉ እየ። ራእይ ዮሃንስ ፫፡ ፲፪።

እቲ ዚስዕር ነዚ ኪወርሶ እዩ። ኣነ ኣምላኹ ክኸውን፡ ንሱውን ውሉደይ ክኸውን እዩ። ራእይ ዮሃንስ ፳፩፡ ፯።

እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብሎን ዘሎ ይስማዕ። ነቲ ዚስዕር ካብቲ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘላ፡ ኦም ህይወት ኪበልዕ ክህቦ እየ። ራእይ ዮሃንስ ፪፡ ፯።

ከምቲ ኣነውን ዚሰዓርኩ እሞ ምስ ኣቦይ ኣብ ዝፋኑ እተቐመጥኩ፡ ነቲ ዚስዕር ኣብ ዝፋነይ ምሳይ ኪቕመጥ ክህቦ እየ። ራእይ ዮሃንስ ፫ ፣ ፳፩ ።

## ኣምላኽ ንፍትሕ ኰነኖ ።

ኣነ ግና ፣ ብዘይ ምኽንያት ዝሙት ንሰበይቱ ዚፈትሓ ዘበለ ኵሉ ፣ ዘማዊት ገበራ ፣ እቲ ፍትሕቲ ዘእቱ ድማ ዘመወ ፣ እብለኩም አሎኹ ። ማቴዎስ ፭ ፣ ፴፪ ።

ንሰበይቱ ዝፈትሓ ዘበለ ኻልእውን ዜእቱ ይዝሙ ፣ ካብ ሰብኣያ ንተፈትሔት ዜእቱውን ይዝሙ ። ሉቃስ ፲፮ ፣ ፲፰ ።

ሰበይቲ፡ ሰብኣያ ብህይወቱ ክሳዕ ዘሎ ፣ ብሕጊ ኣብኡ እሰርቲ እያ፡ ሰብኣያ እንተ ሞተ ግና ፣ ካብቲ ሕጊ ሰብ ኣያ ፍትሕቲ እያ ። እምበኣርሲ ሰብኣያ ብህይወቱ ኸሎስ፣ ንኻልእ ሰብኣይ እንተ ኾነት ፣ ዘማዊት እያ ትበሃል ። ሰብኣያ እንተ ሞተ ግና፡ ካብቲ ሕጊ ሓራ ወጺኣ እያ እሞ ፣ ን'ኻልእ ሰብኣይ እንተ ኾነት ፣ ኣይዘማዊትን እያ ። ሮሜ ፯ ፣ ፪ - ፫ ።

ነቶም እተመርዓዉ ግና፡ ዚእዝዝ ዘሎ ፣ ጐይታ እዩ እምበር ኣነ ኣይኰንኩን ፣ እታ ሰበይቲ ኻብ ሰብኣያ ኣይ ትፈታሕ፡ እንተ ተፈትሔት ከአ በኺ ትንበር ወይስ ምስ ሰብኣያ ትተዓረቕ ፣ ሰብኣይውን ሰበይቱ ኣይፍታሕ ፣ ኢሉ እእዝዝ አሎኹ ። ፩ ቈረንቶስ ፯ ፣ ፲ - ፲፩ ።

# ኽልኣይ ምጽኣት ናይ ጐይታ ።

በርቂ ካብ ምብራቕ በሪቑ፡ ኽሳዕ ምዕራብ ከምዚርኤ ምጽኣት ወዲ ሰብ ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ። ማቴዎስ ፳፬ ፡ ፳፯ ።

ቀልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ። ሓደ እኳ ኣኽሊልካ ከይዝርፈካስ፡ ነቲ ዘሎካ ኣጽኒዕካ ሓዝ። ራእይ ዮሃንስ ፫ ፡ ፲፩ ።

ስለዚ ኣብዚ ዘማውን ሓጥእን ወለዶ ብኣይን በቓለይን ዝሓፈረ፡ ወዲ ሰብ ድማ፡ ብግርማ ኣቦኡ ምስ ቅዱሳን መላእኽቱ ምስ መጸ፡ ብእኡ ኺሓፍር እዩ። ማርቆስ ፰ ፡ ፴፰ ።

ንስኻትኩም ከኣ ምጽኣት ጐይታ ቀረባ እዩ እሞ፡ ተዓገሱ፡ ልብኹምውን ኣጽንዑ። ያእቆብ ፭ ፡ ፰ ።

ሽዑ ትእምርቲ ወዲ ሰብ ኣብ ሰማይ ኪርኤ፡ ሽዑ ድማ ኵሎም ዓሌታት ኣህዛብ ምድሪ ኪበኽዩ። ንወዲ ሰብ ከኣ ብብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ኺርእይዎ እዮም። ማቴዎስ ፳፬ ፡ ፴ ።

ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳሎኹልኩም፡ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ክትኰኑስ ተመሊሰ ክመጽእ እየ እሞ፡ ናባይ ክወስደኩም እየ። ዮሃንስ ፲፬ ፡ ፫ ።

ሽዑ ንወዲ ሰብ፡ ምስ ብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ፡ ኪርእይዎ እዮም። ሉቃስ ፳፩ ፡ ፳፯ ።

ንስኻትኩም ድማ ወዲ ሰብ ብዘይ ሓሰብኩምዎ ጊዜ ኪመጽእ እዩ እሞ፡ እተዳሉኹም ኵኑ። ሉቃስ ፲፪ ፡ ፵ ።

ኣቱም ፍቑራተይ፡ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢና፡ እንታይ ከም እንኸውን ከኣ፡ ገና ኣይተገልጸን። ንሱ ምስ ዚግለጽ ግና፡ ከምታ ዘሎዋ ክንርእዮ ኢና እሞ፡ ንእኡ ከም እንመስል፡ ንፈልጥ ኢና። ፩ ዮሃንስ ፫ ፡ ፪ ።

እንሆ፡ ከም ሰራቒ እመጽእ ኣሎኹ። ጥራዩ ምእንቲ ከይከይድ ንሕፍረቱውን ከይርእዩዎ፡ እቲ ዝነቅሕ ክዳኑ ውን ዚእርንብ ብጹእ እዩ። ራእይ ዮሃንስ ፲፮ ፡ ፲፭ ።

ኣቱም ሰብ ገሊላ፡ ስለምንታይ ናብ ሰማይ እናጠመትኩም ደው ኢልኩም ዘሎኹም? እዚ ካባኻትኩም ናብ ሰማይ ዝዐረገ የሱስ፡ ከምቲ ናብ ሰማይ ኪዐርግ ክሎ ዝርኤኹምዎ ኸምኡ ገይሩ ኸኣ ኪመጽእ እዩ፡ በልዎም። ግብረ ሃዋርያት ፩ ፡ ፲፩ ።

ወዲ ሰብ ብኽብሪ ኣቡኡ ምስ መላእኽቱ ኺመጽእ እዩ እሞ፡ ሽዑ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ኺህብ እዩ። ማቴዎስ ፲፮ ፡ ፳፯ ።

## ቃል ኣምላኽ።

እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡

ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ ። ፪ ጢሞቴዎስ ፫፡ ፲፮-፲፯ ።

ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር፡ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን ። ፪ ጴጥሮስ ፩፡ ፳፩ ።

ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፡ ንመገደይ ብርሃን እዩ ። መዝሙር ዳዊት ፻፲፱፡ ፻፭ ።

ንኣኻ ምእንቲ ኸይብድልሲ ንቓልካ፡ ኣብ ልበይ ዓቚርኩዎ ። መዝሙር ዳዊት ፻፲፱፡ ፲፩ ።

የሱስ መለሰ በሎምውን፡ መጻሕፍቲ ወይስ ሓይሊ ኣምላኽ ሰኣን ምፍላጥኩም ትጋገዩ ኣሎኹም ። ማቴዎስ ፳፪፡ ፳፱ ።

ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን እዩ ። ሉቃስ ፳፩፡ ፴፫ ።

ብሓልዮት እምነት ምስዮን ዝተሓትመ

ደቀምሓረ ።

Published in numerous languages as God supplies funds in answer to prayer. If you would like more copies for prayerful distribution, write in English. Specify which language(s) you need and how many booklets.

**World Missionary Press, PO Box 120, New Paris, IN 46553-0120 USA**

ብዋትሰን ጉድማን እተጻሕፈ

ብጸጋይ ይስሃቅ ዝተተርጎመ

Read booklets online or by App
www.wmp-readonline.org